# **እንታይ ተረኽበ?**

**ጉንበት 30/2018**

**ብረድኢ ክፍለ (ባሻይ)**

ህግደፍ መደረኻ ሰሚዕናዮ
ናይ ለብዘበን ኣሕጽር አቢልካዮ
ወያነ-ወያነ ገዲፍካዮ

ጀማሚርካ ዲኻ ባይታ-ባይታ
ዝተሓብአት እምኒ ከም ብርኩታ
ከም ኣመልካ ክትጻወት ካርታ
እንታይ ተርኽበ?

‘ተደለኻ ዓሻ ትጠባብር
‘ተደለኻ ኣንጊህካ ተዕገርግር
እንታይ’ሞ ’ስኻ ዘይትገብር

‘ተደለኻ ነብስኻ ትጸርፍ
‘ተደለኻ ሃንደበት ተዕርፍ
ናብ ቃሕ ዝበለካ ሕልፍ-ሕልፍ

እንታይ ተርኽበ?

መልሓስካ ረቛቑ ብውያነ
እንታይ ድኣ ረኺብካ ለንቅነ
ሕሹኹ ናይ ውሻጠ ናይ ክሽነ

ተቖቢልካ ዲኻ ጋሻ ጸላም
ህግደፋዊት ዋህዮ ተለግራም
ገለስ ኣላትካ ኣንታ ጠላም
እንታይ ተረኺበ?

ወዮም ዓሳክርካ ገሪሙዎም
ኩሉ ነገር ሃንደበት ኮይኑዎም
ኣፎም ሒዞም ደርፊ ጠፊኡዎም

መዝሙር ደኾን ተቐይራ ኹይና
እንታይ ድኣ ኹይኑ ደንጒዩና
ከምታ ናቱ ስኽ ምባል ’ሕሽና
እንታይ ተረኺበ?

ተሸጊሮም ጠፊኡዎም ቂጡ
ኣካይዳ ሰይጣን ዘይፈለጡ
ኣእምሮኦም ንህግደፍ ዝሸጡ

ወያነ ክትብል ጒዳም ኣውሎ
ናይ በተኽስያን ዝጥዕም መደሎ
‘ዚኹሉ መለኸት ኣበይ ኣሎ
እንታይ ተረኽበ?

“ሳግላ ብላዕ ኣይትቕላዕ” ገርካያ
ንበይንኻ ምስጢር ውሒጥካያ
ሰለይ ምባል ግርም ክኢልካያ

ጠባይ ግበር ደኾን ተባሂልካ
ብየማነ ጸጋም ተኸቢቢካ
ንለንቅነ ሕራይ ተላሚድካ
እንታይ ተረኽበ?

ተኸርዲንካ ኢኻ ሎምስ ህግደፍ
ተፈሪድካ ብኹርማጅ ክትግረፍ
ወይ ሃዲምካ ምስ ደርጊ ክትስለፍ
ረድኢ ክፍላ (ባሻይ)